TIGRINJA

# ብኸመይ መንገዲ
# ንገዛእ ርእስኻ (መንነትካ) ከየጥፋእካ
# ናይ ምውህሃድ ስምዒት ትረክብ?

ብዛዕባ መንነት ኣብ ዝተፈላለዩ ባህልታት ዝዓብዩ ቆልዑ።




ORGANISASJONEN
voksne for barn

## ብዛዕባ VOKSNE FOR BARN (ዓበይቲ ንቖልዑ) ዝብል ማሕበር ኣብ ኖርወይ፦

ቖልዑ ኣብ ኖርወይ ዓቢ ሰብ የድልዮም'ዩ። Voksne for Barn (ዓበይቲ ንቖልዑ) ኩሎም ህጻናት እወታዊ ስነኣእምሮኣዊ ጥዕናን ውሑስ ዝኾነ ኩነታትን ንኽረኽቡ ንልዕሊ 50 ዓመታት ክጽዕር ዝጸንሐ ወለንታዊ ማሕበር'ዩ። ካብ ቖልዑ ብዙሕ ነገር ንርእይ፡ ንሰምዕን ንመሃርን ኢና። ክሳዕ ህጻናት ግቡእ ቈላሕታ ዝረኽቡ ድማ ኣይክንሕለልን ኢና። ብኸምዚ መንገዲ ድማ ኢና ናይ ቖልዑ ብርተዐን ተመላስነትን ንኽዓቢ ነተባብዕ።

ከም ኣባል Voksne for Barn ቖልዑ ዝሓሸ ኣተዓባብያ ንክረኽቡ ትሕግዝ። ከምኡውን ናይ ቖልዑ ተሞክሮታትን ርእይቶታትን ንበዓል መዚን ክኢላ ማሕበረሰብን ንምክፋል ትሕግዝ። ብዛዕባና ኣብ vfb.no ኣንብቡ።

ኣባል Voksne for Barn ኩን፡ ኣብቲ ኣገዳሲ ጻዕርታትና ድማ ተኻፈል።

Voksne for Barn ኣኽራርነት ንምክልኻል ንብዙሕ ዓመታት ክነጥፍ ጸኒሑ፡ ንኣብነት ብመገዲ መደብ EXIT። ብተወሳኺ ብዛዕባ'ዚ ቴማ ኣፍልጦ ዝህብ ውድድር ፍልጠት ንወለዲ ኣዳሊና። ብዛዕባናን ብዛዕባ ጻዕርታትናን ኣብ vfb.no. ዝያዳ ኣንብቡ።

ትሕዝቶታት ናይ'ዚ መምሃሪ ጭብጢታት ኣብ ተሞኩሮታት ናይ ስራሕ ምስ እቲ መደብ EXIT፡ እቲ FLEXid ኮርስን እቲ መጽሓፍ Identitet og tilhørighet. Om ressurser og dilemmaer i en krysskulturell oppvekst. (መንነትን ምውህሃድን። ኣብ ብልሓትን መዋጥርን ኣብ ዝተሓናፈጸ ባህላዊ ኣተዓባብያ) ብ Gyldendal Akademisk Forlag (Salole, 2018) ተሓቲሙ ዝተመርኮሱ እዩም። ስእልታት ብ Marie Laland Ekeli ተሳኢሎም ካብ እቲ መጽሓፍ ባህሎም ዝተሓናፈጸ ቖልዑ ዝተወሰዱ እዮም።


እዚ ጥራዝ'ዚ ካብ ቋንቋ ኖርወይ ዝተተርጎመ እዩ።

| | |
|---|---|
| **ኣሕታሚ፦** | **Voksne for Barn (2017)፡ ካልኣይ ሕታም 2017** |
| ኣሰናዳኢት ሸማግለ፡- | Lill Salole፡ ኣወሃሃዲት ፕሮጀክት፡ Voksne for Barn |
| | Kjell Østby፡ ካልኣይ መስራቲ FLEXid |
| | Nana Mensah፡ SaLTo፡ ኣወሃሃዲት ምምሕዳር ኣገልግሎት ማእከላይ ኦስሎ |
| | Elisabeth Harnes፡ ፍልይቲ ኣማኻሪትን ፈዋሲት ሽግራት ስድራቤትን RVTS፡ ምዕራባዊ ኖርወይ |
| | Leoul Mekonen፡ መራሒ መጽናዕቲ ኣብ RBUP፡ ምብራቓውን ደቡባዊን ኖርወይ |
| ንድፈን ፍረ ጽሕፈትን፡- | Grafisk Form as |
| ስእሊታት፡- | Marie Laland Ekeli |
| ሓተምቲ፡- | Møklegaards Trykkeri AS |


ISBN 978-82-92488-59-1 (ሕታም)
ISBN 978-82-92488-60-7 (ፒዲኤፍ)

# መምርሒ ጥራዝ (ንእሽቶ መጽሓፍ)

## ንወለድን ካልኦት ዓበይትን ዘገልግል

እዚ መምርሒ'ዚ ብዛዕባ እቶም ካብ ሓደ ዓዲ ናብ ካልእ ዝግዓዙ ወይ ኣብ ዝተፈላለየ ባህሊ ዝዓበዩ ቆልዑን ምውህሃድ ከመይ ከምዝተሞከሩዎን እዩ። ኣብዚ ድማ ንዓኹም ከም ወለዲ ከድልየኩም ዝኽእል ሓበሬታ ማለት ምስ ካልኦት ሰባት ክትዘራረቡሉ ትኽእሉ ኣገዳሲ ኣርእስትታትን ምኽርታትን ብኸመይ ገይርኩም፡ ንስኹም ከም ወለዲን ከም ዓበይቲን፡ ምስ ቆልዑን መንእሰያትን ብዛዕባ መንነቶም ክትዛረቡ ከምእትኽእሉ ዘረድእ ሓሳባት ክትረኽቡ ትኽእሉ።

ምስ ብዙሓት ባህሊታትን ኣብ ብዙሕ ቦታታትን ተወሃሂድካ ምዕባይን ምንባርን ብዙሕን ኣገዳሲን ረብሓታት ክህበኩም ይኽእል'ዩ። ብዛዕባ ኣብ ብዙሕ ዝተፈላለዩ ባህሊታት ምዕባይ ምምሃር፡ ምሕሳብን፡ ነቲ ጽቡቕ ነገራት ምዕቃብን ኣገዳሲ እዩ። በዚ መገዲ'ዚ ውላድኩም ክብሪ ደሕረ-ባይታኡ እንዳዓቀበ ምስ እትነብሩሉ ከባቢ ንምውህሃድ ከቃልለሉ ይኽእል።



## ምውህሃድ ማለት እንታይ እዩ

ምምኳር ተቐባልነትን ምውህሃድን ንኹሉ ሰብ ኣድላዪ እዩ። ቆልዑን ኮተቴን (መንእሰያትን) ሕጉሳት ንክኾኑ ሓድ ክፋል ማሕበረሰብ ክኾኑ ኣለዎም። ንሓደ ወይ ድማ ብዙሕ ናተይ ዝብሉዎ ቦታታት ከምዘለዎም ክስምዖም ኣለዎ።

**ምውህሃድ (ግቡእ ቦታ ምሓዝ) ማለት፦**

- ብመንነትካ ክብረት ምርካብ
- እትብሎን እትገብሮን ትርጉምን ዋጋን ከምዘለዎ ብግብሪ ምርኣይ (ምምኳር)
- ብዛዕባ ከመይ ከም ዘለኻ ዝግደስ ሰብ ኣብ ከባቢኻ ምህላው
- ተሞክሮታትካን፡ ሓሳባትካን ስምዒታትካን ግቡእ ዋጋ ዝህብ ነገርን ሰብን ኣብ ከባቢኻ ምህላው
- ዝርደኣካ ሰብ ኣብ ከባቢኻ ምህላው

ሃናጺ ናይ ምውህሃድ ስምዒት ንምሕብሓብ ቆልዑን ጥዕናኦምን መሪሕ ተራ ኣለዎ። ምስ መንነቶም ጸገም ዘለዎምን ካብ ማሕበረሰብ ወጻኢ ዝኾኑን ቆልዑን መንእሰያትን ሽግር ክገጥሞም ይኽእል'ዩ። ብተወሳኺ ነቲ ናይ ምውህሃድ ድልየቶም መዝሚዞም ንሓደገኛ ጽልዋታት ክዳርጉዎም ንዝደልዩ ሰባትን ከባቢታትን ቅሉዓት እዮም።

## ዝተሓናፈጸ ባህሊ ዘለዎም ቆልዑ

ኣብ ዝተፈላለዩ ባህሊታት ዝዓብዩ ቆልዑ ዝተሓናፈጸ ባህሊ ዘለዎም ቆልዑ ተባሂሎም ክጽውዑ ይኽእሉ።

እዞም ቆልዑ እዚኦም ብኽልተ ወይ ዝያዳ ባህልታት ብቐጻሊ ተጸልዮም ኣብ ክፋል መዕበያኦም ወይ ኣብ ምሉእ ህይወቶም ዝነበሩ ወይ ዝነብሩ እዮም።

**ቁሩብ ኣብነታት ናይ ዝተሓናፈጸ ባህሊ ዘለዎም፦**

- ደቂ መጻእተኛታት
- ደቂ ዑቕበኛታት
- ሓደ ወላዲ ኖርወጂያዊ ሓደ ድማ ካብ ካልእ ሃገር ዘለዎም ቆልዑ
- ካብ ካልእ ሃገር ዝረዓሙ ቆልዑ
- ደቂ ሚስዮናውያን ኖርወጅያውያን፡ ደቂ ዲፕሎማሰኛታት፡ ደቂ ወተሃደራዊ ሰራሕተኛታትን ደቂ ሰራሕተኛታት ረዲኤትን

ዝተሓናፈጸ ባህሊ ዘለዎም ቆልዑ ብፍላይ ብዛዕባ ናይ ምውህሃድ ስምዒቶም ክሸገሩ ይኽእሉ።

ኣብ ቆልዕነት ምግዓዝ (ዓዲ ምቕያር) ማለት እቶም ቆልዑ ምስ ቦታታትን ሰባትን ዘለዎም ውሑስ ርክባት ክበትኩ ኣለዎም ማለት'ዩ። ነቲ ቅኑዕ ጠባይን ኣነባብራን ብዝተፈላለዩ ልምድታት፡ ሕግታትን ሓሳባትን ተጸልዮም'ዮም ዝነብሩዎ። እዚ ይትንክፎምን፡ ንሓሳባቶምን ንስምዒታቶምን ድማ ይጸልዎ።

## ንቆልዑን ንኮተቴን ምዝራብ

ወላድን ኣላዩን ምኽን ብርቱዕ እዩ። ብፍላይ ድማ ኣብ ሓድሽ ሃገር። ንደቅና ዝበለጸ ንደልይ፡ ከምኡ እውን ብዝተኻእለ መጠን ዝበለጸ ወላዲ ክንከውን ንደሊ። ቆልዑ ዝተፈላለየ ድሌታትን ትምኒታትን ኣለዎም። ኣሕዋት እውን ዝተፈላለዩ እዮም። እቲ ቅኑዕ ነገር ምዝራብ፡ ወይ ድማ ከመይ ገይርካ ከምእትሕግዝን ብጽቡቕ ንደቅኻ ከምእትናብዮምን ከም ወላዲ መጠን ክብርትዕ ይኽእል።

ውላድካ ጽቡቕ ይሃሉ ኣይሃሉ ምፍላጥ ወይ ድማ ዝኾነ ጸገም እንተሎ ክቕየሩ እንከለዉ ምፍላጥ ኩሉ ግዜ ቀሊል ከይከውን ይኽእል'ዩ። ሓደ ሓደ ግዜ ኣብ ውሽጦም ጉሁያት ከለዉ ሕጉሳት ይመስሉ። ካልእ ግዜ ድማ ድሓን እንከለዉ ዝሓረቑ፡ ዝደኸሙን ዝጎሃዩን ክመስሉ ይኽእሉ።

ብዛዕባ ውላድኩም እንተደኣ ተሻቒልኩም ክልቴኹም ክሳብ ትሃድኡን ግዜ ዝህልወኩምን፡ ወይ ድማ ውላድኩም ከዛርበኩም ከምዝደለየ ክሳብ ትዕዘቡ ብዛዕባ እቲ ሻቕሎትኩም ምምይያጥ እንተኣመሓላለፍኩሞ ጽቡቕ ሓሳብ እዩ። እዚ ምዝርራብ'ዚ ዝኾነ ምዝንጋዕ ብሓንሳብ ምስኣሕለፍኩም ወይ ድማ ዝኾነ ነገር ብሓንሳብ እንዳገበርኩም ክለኹም እንተኣካየድኩሞ ዝሓሸ እዩ። ነቶም ኣዝዮም ዝነኣሱ ቆልዑ ስእሊ ወይ መጽሓፍ ምጥቃም ከም መበገሲ ክኸውን ይኽእል።

ኩሎም ስድራቤታት ኣይኮኑን ምዝራብን ብዛዕባ ነገራት ምጥያቕን ንቡር ኮይኑ ዝስምዖም። ባህልታትና እውን ብዛዕባ ሕማቕ ስምዒታትናን ተመክሮታትናን ምምይያጥ ዝተፈላለየ ዓይነት ኣገባባት (ሜላታት) ይምህሩና'ዮም። ፍቕርናን ተገዳስነትናን እነርእየሎም ብዙሓት መገድታት ኣለዉ።

ምስ ደቅና ጽቡቕ ርክብ ንኽህልወና ምስኦም ብዙሕ ግዜ ምሕላፍን ብዛዕባ እንታይ ከምዝሓስቡን ዝስምዖምን ምግዳስ ብጣዕሚ ይሕግዘና። እዚ ድማ ከምእንግደስን ብቁምነገር ከምእንቕጽሮምን ንኽነርእዮም ይሕግዘና። ኣቓልቦ (ኣድህቦ) ብምሃብና፡ ቆልዑ ንክዛረቡን ስምዒታቶምን ሓሳባቶምን ንኽገልጹን ዕድል ንፈጥረሎም።

> “ከም ኣብ መስቲያት ንገዛእ ርእስኻ ርኢኻ መን ከምእትርእይ ዘይምልላይ ማለት እዩ።”
>
> ወዲ 14 ዓመት ህጻን

**ቆልዑን መንእሰያትን ኣብ ሕማቕ እዋን ክህልዉ እንከለዉ ዘርእዩዎም ምልክታት**

መንእሰያት ኣብ ሕማቕ እዋን ከምዘለዉ ወይ ዝተነጸሉ ከምዝተሰምዖም ብብዙሕ ዝተፈላለዩ መገድታት ከርእይዎ ይኽእሉ። እዞም ዝስዕቡ ገለ ኣብነታት ውላድኩም ኣብ ሕማቕ እዋን ምህላዉ ዘርእዩ ምልክታት እዮም።

- ምብዛሕትኡ ግዜ ቁጡዓትን ሓራቓትን እዮም
- ብዙሕ ዘይሕጉሳትን ርቡሻትን እዮም
- ዝደኸሙን ሓይሉ ዝተወድኦምን ይመስሉ
- ጠባዮም፡ ኣካድኖኦም ወይ ኣዘራርብኦም ይቕየር
- ኣዝዮም ስቕተኛታት ይኾኑ፡ በይኖም ምዃን ጥራሕ ድማ ይደልዩ
- ምብላዕ የቋርጹ ወይ ድማ ካብ ግቡእ ንላዕሊ ይበልዑ
- ትምህርቲ ምኻድ የጽልኦም ወይ ድማ ካብ ክላስ የብኩሩ
- ኩሉ ናይ ዕረፍቲ ግዜኦም ካብ ገዛ ወጻኢ፡ ኣብ ቅድሚ ኮምፒዩተር ወይ ኣብ ተሌፎን የሕልፉዎ

## ብዛዕባ ምምጻእን ምኻድን

ሰባት ካብ ገዝኦም ወጺኦም፡ ሓድሽ ህይወት ንምጅማር ናብ ካልእ ዓዲ ዝኸዱሉ ብዙሓት ምኽንያታት ኣለዉ። ገሊኦም ሰባት ብድልየቶም ማለት ንስራሕ፡ ትምህርቲ፡ ወይ ናይ ጉዕዞ ድሌት (ህርፋን) ስለዘለዎም ይግዕዙ። ካልኦት ድማ ብሰንኪ ውግእ፡ ድኽነትን ተፈጥሮኣዊ ሓደጋታትን ንኽግዕዙ ይግደዱ።

ቆልዑን ዓበይትን በብወገኖም ብምግዓዝ ዝፍጠር "ጭንቀት" የጋጥሞም። ነቲ ትፈልጡዎ ተሰናቢትኩም ምኻድን ከምብሓድሽ ኣብ ካልእ ቦታ ምጥያስን ከቢድ እዩ። ኩሉ ነገር ካብ'ቲ ዝተለማመድኩሞ ነገራት ዝተፈለየ እዩ። ሓድሽ ቋንቋ፡ ሓድሽ ሕግታት፡ ሓድሽ ባህርያት፡ ሓድሽ መግብን ሓድሽ ኣየርን ክትለማመዱ ኣሎኩም። ኣብቲ ሓድሽ ሃገር ዝነብሩ ሰባት ኣካይድኦምን ኣካዳድንኦምን ካብቲ ዝለመድኩሞ ዝተፈለየ እዩ። ኣብዚ እዋን'ዚ ዓበይቲን ቆልዑን ፍሉይ ድኻም ክስምዖም ይኽእል። ካብቲ ንቡር ንላዕሊ ሕማም ርእስን ቅርጸትን ክሕምዖም ይኽእል። ሓድሽ ሓገር ምልምማድ ግዜ ዘድልዮ እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ ገሊኦም ኣባላት ስድራቤት ካብ ካልኦት ብዝያዳ ክሽገሩ ይኽእሉ።

መብዛሕትኡ ግዜ እቲ ዝነበርኩሞ ቦታን ኣብኡ ዝገደፍኩሞም ሰባትን ትናፍቑ። ቅድሚ ምውጻእኩምን ኣብ ግዜ ጉዕዞኹምን ዘሰቕቕ ነገራት ርኢኹምን ተሞኩሮኩምን ክትኮኑ ትኽእሉ። ብዙሓት ብዛዕባ ቤተሰቦምን ኣዕሩኽቶምን ይሻቐሉ፡ ወይ ድማ ብብዙሕ ተዘክሮታት ይሳቐዩ። እዚ ድማ ኣብ'ቲ ዝበጻሕኩሞ ቦታ ጽቡቕ ህይወት ክህልወኩም ንዝግበር ጻዕሪ የኽብዶ። ምሕዛን ባህርያዊ እዩ። ብዙሓት ብዛዕባ እቶም ዝገደፉዎም ሰባት ጣዕሳ ይስምዖም። ምናልባት ንሰባትን ቦታታትን ብግቡእ ዘይተሰናበቱ ክኾኑ ይኽእሉ። መብዛሕትኡ ግዜ ንዓኹም ብዙሕ ትርጉም ዘለዎም ነገራት ገዲፍኩም ክትግዕዙ ትግደዱ። ገለ እዋናት ቆልዑ እቲ ናቶም ጭንቀት ብቁምነገር ዘይተረኣየ ኮይኑ ክስምዖም ይኽእል'ዩ። ብዙሓት ርሑቕ ቦታ ንነዊሕ ግዜ፡ ምናልባት'ውን ንዘላኣለም፡ ምግዓዝ እንታይ ማለት ምኳኑ ኣይተረድኦምን።

ብዙሓት ካብ ሃገሮም ሃዲሞም ዝወጹ ሰባት ዕድል ምስረኽቡ ናብ ሃገሮም ክምለሱ ይምነዩ። ንገሊኦም እዚ ናይ ምምላስ ሕልሚ'ዚ ኣብ ኖርወይ ብፍጹም ኣጣጢሖም ክይነብሩ ይገብሮም፡ ምኽንያቱ ንዖኦም ኖርወይ መሰጋገሪ ሃገር እዩ። እዚ ድማ ናይቶም ቆልዑ ኣብ ኖርወይ ናይ ምቕማጥ ተሞክሮኦም ይጸልዎ።

"ነፍሲ ወከፍ ዓመት፡ ስድራይ፡ ዝመጽእ ክረምቲ ናብ ዓድና ክንምለስ ኢና ይብሉ። እዚ ን 12 ዓመታት ደጋጊሞም ኢሎሞ...። እዚ ስለዝበሉ ዝኾነ ነገር ኣይገበርኩን፡ ከም ኣዕሩኽ ምትዕርራኽ ወይ ኩዑሶ እግሪ ምጽዋት ኣይደለኹን። ምኽንያቱ ምስከድና እቲ ቃንዛን ሓዘንን ዝዓበየ ክኸውን እዩ። ሕጂ ግና ዝምለሱ ኣይመስለንን..."

እቶም ምግዓዝ ዘይተሞከሩ ቆልዑ እኳ ናይ ሰድራኦም ሻቕሎታትን ናፍቖትን ገና ክስምዖም ይኽእል እዩ። እቶም ካብ ናይ ውግእ ከባቢታት እሞ ገና ክትነብረሎም ዘስግኡ ቦታታት ዝመጹ ኣብ ክልተ ብቴሌቪዥንን በማሕበራዊ መራኸቢታት ዝጽለዉ ክውንነታት ይነብሩ። እዚ ነቲ ናይ ቤተሰብ ሃዋህው ይጸልዎ።

ገሊኦም ቆልዑ እቲ ኣድህቦ ናይቶም ዓበይቲ ኣብቲ ናይ ቀደም ዓዶምን ናብ እቶም ኣብኡ ዘለዉ ኣዕሩኽቶምን ቤተሰቦምን ካብ መጠን ንላዕሊ ዘተኮረ ኮይኑ ክስምዖም ይኽእል። ካልኦት ድማ ወለዶም በቲ ናይ ግብራዊ ዕማማትን ኣብ ኖርወይ ናይ ምጥያስ ንጥፈታትን ካብ መጠን ንላዕሊ ዝተተሓዙ ኮይኑ ይስምዖም። ቆልዑ ኣብ ኖርወይ ዝያዳ ምእባድ፡ ሓገዝን ደገፍን ድማ ኣብ ህይወቶምን ኣብ ሓድሽ ዕለታዊ መነባብርኦምን ከድልዮም ይኽእል።

**ገለ ምኽርታት ንዝግዓዙ ስድራታት፦**

1. እቲ ናይ ቅድም ህይወት ነቶም ቆልዑ “ህያው” ገይርኩም ዓቕቡሎም። እቲ ድሕረ-ባይታኦምን እቲ ካልእ ሃገሮምን ኣይትረስዑ። ናይ ፈለማ ቋንቋኦም ክዕቅቡን ከመሓይሹን ሓግዙዎም። ዛንታታት፡ ቋንቋን ተዘክሮታትን ተኻፈሉ። ስእልታት ኣርእዩዎም ወይ ሰባትን ቦታታትን ግለጹሎም። እንተተኻኢሉ፡ ምስ ቤተሰብን ኣዕሩኽን ኣራኽቡዎም።

2. ውላድኩም ኣብ ኖርወይ “ሱር ክተክል” ሓግዙ። “መሰጋገሪ ሃገር” ጥራይ ዘይኮነ ገዝኦም (ዓዶም) ከምዝኸውን ክስምዖም ግበሩ። መላለዪ ጉዕዞ ከይድኩም ናይ ኖርወይ ባህሊ ብሓንሳብ ኮይንኩም ተመሃሩ።

3. ንደቕኹም ብሰንኪ እቲ ካብቲ ዝፈልጡዎ ብምጉዓዝ ናብ ሓድሽ ባህሊ ንምርዳእ ዘሕልፉዎ ጸገም ዘለዎም ጓሂ ሓግዙዎም። ቁሩብ ምቅላስ ንቡር ምዃኑን እንዳሓሸ ድማ ከምዝኸይድን ክትሰምዕ ከለኻ ይሕግዝ እዩ። ንነገራት ከም መስሓቕ ገይርኩም ክትዛረቡ ትኽእሉ ኢኹም። ብዛዕባ ኣብቲ ሓድሽ ቋንቋን ባህልን ዝተሞከርኩሞ ዘይምርድዳኣት መስሓቕ ዛንታታትን ንገሩ። ድሕሪኡ እቶም ቆልዑ ብሕታውነት (ጽምዋ) ከይስምዖም ይኽእል።

4. ነገራት ይጸብቑ ወይ ይሕመቑ ተዓገሱ። ንሓድሽ ዓዲ ምልምማድ ነዊሕ ግዜ ክወስድ ይኽእል እዩ። ንብዙሓት ሰባት ብዙሕ ዓመታት ይወስደሎም።

**ክንመያየጠሎምን ኣብ ግምት ክኣትዉ ዘለዎምን ገለ ነገራት፦**

- ናይ ምግዓዝኩም ታሪኽ ከመይ ገይሩ ንህይወትኩምን ንመዓልታዊ ህልውናኹም ኣብ ኖርወይ ዝጸልዎ ይመስለኩም?
- ምግዓዝ ንውላድኩም ከመይ ይጸልዎ ኢልኩም ትሓስቡ?
- ብዛዕባ ንውላድኩም ካብ ዓዱ/ዳ እንታይ ከምዝጎደሎ/ላ ክትዛረቡ ትኽእሉ ኢኹም።
- ምስ ውላድኩም ብዛዕባ እንታይ ጽቡቕ፡ እንታይከ እዩ ኣብ ኖርወይ ፍሉይ ዝመስሎም ክተዕልሉ ትኽእሉ። ምናልባት’ዶ ሓሳባትኩምን ተሞክሮታትኩምን ክተካፍሉዎም ትኽእሉ?
- ናብ ኖርወይ ምግዓዝ ንዓኹም ከመይ ከምዝነበረ ንደቕኹም ኣዕልሉዎም። ምስ ስምዒታቶምን ተሞክሮታቶምን ብዝያዳ ከምዝላለዩ ግበሩዎም።
- ከመይ ገይርኩም ኢኹም ንደቕኹም ብዝያዳ ትርድእዎምን ትድግፍዎምን? ምናልባት ደቕኹም ናይ ባዕሎም ርእይቶታትን ባህግታትን ይህልዎም።

> “ኣብ ዓደይ ክህሉ እንከለኹ ኖርወጅያዊት ወይ ወጻእተኛ ኢሎም ይጽውዑኒ። ኣብ ኖርወይ ክህሉ እንከለኹ እውን ወጻእተኛ ተባሂለ እጽዋዕ። መን እየ ኣነ ብሓቂ? ኣበይከ እነብር (እቕመጥ)?”
>
> ጓል 10 ዓመት ቆልዓ



“ወለዲ ይለማመዱ ቆልዑ ይወሃሃዱ”

*Mathew Neigh*

### ኣብ ብዙሕ ቦታታት ምንባርን ኣብ ምንም (ወላሓደ) ቦታ ምንባርን

ምግዓዝ ወይ ኣብ ኖርወይ ምስ ካብ ካልእ ዓድታት ዝመጹ ወለዲ ምዕባይ ንቆልዑ ምስ ብዙሓት ቦታታት ከምዝተታሓሓዙ ንኽስምዖም ይገብሮም። ዋላኳ ናብ ናይ ወለዶም ዓዲ ከይዶም ዘይፈልጡ እንተኾኑ መብዝሕትኡ ግዜ ምትእስሳር ይስምዖም።

ኣብ ገዛ ቆልዑ ብናይ ወለዶም ቋንቋ-ኣደ፡ ባህርያትን ልምድታትን ይዓብዩ። ኣብ ቤት ትምህርቲ ምስ ኖርወጅያውያን ኣበሃህላታትን ልምድታትን ይራጸሙ። ንኣብነት፡ ኣብ ኖርወይ እሩምን ግቡእን ዝኾነ ነገር ኣብ ናይ ኣቦኦምን ኣደኦምን ባህሊ ዘይእሩምን ዘይግቡእን ክኸውን ይኽእል።

መንእሰያት ኣብ ክልቲኡ ኣብ ኖርወይ ወይ ናይ ወለዶም መቦቆል ዓዲ ወይ ኣብ ካልእ ዝነበሩሉ ቦታታት ቤተሰብ ዘለዉዎ ዓዶም ከምዘለዉ ክስምዖም ይኽእል። ከምኡውን ኣብ ክልቲኡ ቦታታት ከም ጋሻ ኮይኖም ክስምዖም ይኽእል።


### ዝተፈላለዩ ትጽቢታት ካብ ሰባትን ከባቢታትን

“ኣብ ሓደ እዋን ናብ ብዙሓት ኣንፈታት ትስሓብ ከምዘለኻ እዩ ዝስምዓካ። ኣብ ገዛ ሶማልያዊ ኣብ ደገ ኖርወጂያዊ ምኻን ለሚደዮ እየ። ግናኸ ኣብ ገዛይ ኣብ ደገ ሶማሊያዊ ክኸውን ይደልዩኒ ኣብ ደገ ድማ ኣብ ገዛይ ኖርወጂያዊ ክኸውን ይደልዩኒ፡ ትፈልጥ።”

ወዲ 15 ዓመት ቆልዓ

ምናልባት እቶም ቆልዑ ኣብ ገዝኦም “ኣመና ኖርወጂያዊ” ንኸይኮኑ ከምዝጽበዩዎም ይስምዖም ይኸውን። ኣብቲ እዋን እቲ ምስ ኣዕሩኾም ክህልዉ ከለዉን ኣብ ቤት ትምህርትን “ዘዕግብ ኖርወጂያዊ ኣይኮንኩምን” ዝበሃል ነገር ክሰምዑ ይኽእሉ እዮም። እዚ “ናይ ትጽቢታት ጸቕጢ” ወይ “ዝተመሳቐለ ጸቕጢ” ስምዒት ከምጽኣሎም ይኽእል።

ንወለዲ፡ ናይ ኖርወይ ስርዓተ-ማሕበረሰብ በዳሂ ክኾኖም ይኽእል’ዩ። ጠለባት ዕዮ ቤት ትምህርቲ፡ ናይ ኣዕሩኽ ምብጻሕን ዝተፈላለዩ ንጥፈታትን ንምልማዶም ዘይንቡራት ወይ በዳህቲ ክመስሉ ይኽእሉ። ካብ እቶም ቅድሚኡ ዝነበሩሎም ቦታታት ዝተፈለዩ ልምድታትን ልሙድ ስራሓትን ኣለዉዎም።



ነቶም ምስ ዝተፈላለየ ባህልታት ዝዓብዩ ቆልዑ መብዛሕትኡ ግዜ “ሓዲኡ” ምኻን ዘይኮነስ “ክልቲኡ” ምኻን ባህሪያዊ ኢዩ። በዚ ምኽንያት’ዚ ኸኣ እዩ ገለ ሰብ ተኣማንነትኩም ኣርእዩ ወይ ወገን ምረጹ ክብሎም ከሎ ንያኡም መደናገርን ኣዝዩ ኣድካምን ምርጫ ዝኾኖም።

ካልኦት ሰባት እቶም ቆልዑ ንነብሶም እንታይ ከምዝቖጽሩዋ ኣብ ግምት ከየእተዉ ወጻእተኛታት ወይ ኖርወጂያውያን ኢሎም ክጽውዑዎም ከለዉ እቶም ቆልዑ ይርበሹ። ገለ ሰብ ካበይ ምኻኖም ወይ ኣበይ ብዝያዳ ከም ዓዶም ከምዝስምዖም ክሓቶም እንከሎ እሞ መልሶም ድማ እንተዘይተቐበሎ ኣብቲ ዓዲ ከምቲ ዝድለ ከምዘይተዋሃሃዱ ክስምዖም ይኽእል።

## ““ካበይ ኢኻ ናይ ብሓቂ?” እታ ዝኸፍኣት ትመጸኒ ሕቶ እያ።”

ወዲ 15 ዓመት ቆልዓ

ኣብ ውሽጢ ስድራ ብጽቡቕ ምርድዳእ ኩሉ ግዜ ቀሊል ኣይኮነን። መንእሰያት መብዛሕትኡ ግዜ “ናይ ባዕሎም” ቋንቋ ኣለዎም፡ ነቲ ከባቢኦም ድማ ካብ ስድሮኦም ፍልይ ብዝበለ መልክዕ ይርድእዎ ይኾኑ። እቶም ቆልዑ ብቋንቋ ኖርወጂያን ካብ ወለዶም ዝሓሹ እንተኾይኖም እቲ ኩነታት ዝያዳ ዝኸበደ ክኸውን ይኽእል። ንወለዲ ኣብ ኖርወይ ቆልዓ ወይ መንእሰይ ምኻን እንታይ ማለት ምኻኑ ንምርዳእ ክብርትዖም ይኽእል’ዩ። ንቆልዑ ድማ ካብ እቲ ዝዓበኻሉ ዓዲ ወጻኢ ወላዲ ምኻን ከመይ ኣሸጋሪ ምኻኑ ኣይርድኦምን እዩ።

ገሊኦም ወለዲ እቲ መንእሰይ ብዛዕባ እንታይ ክሰርሕ ከምዘለዎን ኣበይ ግዚኡ ክሕልፍ ከምዘለዎን ጽኑዕ ኣረኣእያታት ኣለዎም። ደቆም ዝበለጸ መጻኢ ንክህልዎም ከረጋግጹ ይደልዩ። ድሕሪኡ እቶም ቆልዑ ወለዶም ብጣዕሚ ኣኽረርቲ ኮይኖም ክስምዑዎም ይኽእሉ። ኣብ ገለ እዋናት እዚ ዘይምርድዳኣት የኸትል’ዩ፡ ወለዲ ዘየዳለዉ ከለዉ እቶም ቆልዑ ግና ወለዶም መደባት ዘዳለዉሎም ይመስሎም። ክልቲኦም ማለት ወለድን ቆልዑን ነንሕድሕዶም ዘይብቑዓት ኮይኖም ክስምዖም ይኽእል ወይ እቲ ሓደ ነቲ ሓደ ትጽቢታቱ ከማልኣሉ ዘይክእል ኮይኑ ክስምዖ ይኽእል።

**ገለ ምኽርታት ብዛዕባ ምስ ዝተሓናፈጸ ባህሊ ዝዓብዩ ቆልዑ፦**

1. ቆልዑ ኣብ ኖርወይ ክነብሩ ከለዉ ኖርወጂያውያን እውን እዮም ዝኾኑ። ኣባላት ናይ ማሕበረሰቦም ክኾኑ፡ ኣዕሩኽ ክገብሩን ኣብ ከባቢኦም ኣብ ዝግበር ንጥፈታት ክሳተፉን ፍቐዱሎም። ብተመሳሳሊ ኣብ ባህሊ ናይ ስድራኦም መበቆል ዓዲ ንኽሳተፉ ድማ ፍቐዱሎም።

2. መንእሰያት ናይ ገዛእ ርእሶም መንነት ክህልዎም ፍቐዱሎም። ካብ ናትኩም ፍሉይ ክኸውን ከምዝኽእል ተቐበሉዎ። ኣብ ብዙሕ ዓድታት ዝዓበዩ ቆልዑ ንምውህሃድ ካብ ወለዶም ብዝተፈልየ መልክዕ ይሙከሩዎ።

3. ኣብ መዓልታዊ ህይወት ውላድኩም ተገዳስነት ኣርእዩ። ምናልባት ምስ እቲ ናትኩም ኣተዓባብያ ተመሳሳልነትን ፍልልያትን ኣወዳድሩ? በዚ መንገዲ ነንሕድሕድኩም ሓድሽን ኣገዳስን ነገራት ክትምሃሃሩ ትኽእሉ።

**ገለ ንምምይያጥን ኣብ ግምት ንምእታውን ዝኾኑ ነገራት፦**

- ምስ መበቆል ሃገርኩም ምትሕሓዝ እንታይ ኣወንታዊ ነገር ኣለዎ? በቲ ኣብኡ ዝካየድ ዘሎ ነገራት ብዙሕ ምምሳጥ ጸገም የምጽእዶ ይኸውን?
- ቆልዓኹም/ኮተቴኹም ባህልኹም ከዕቅብ ንዓኹም ኣገዳሲ ድዩ?
- ቆልዓኹም/ኮተቴኹም "ኖርወጂያዊ" ብምዃኑ እንታይ ይመስለኩም? ወለዲ ደቆም "ኖርወጂያዊ ኮይኑ" ክብሉ ከለዉ እንታይ ማለቶም ይመስለኩም?
- ንውላድኩም ከመይ ገይርኩም ኖርወጂያዊን ሃይማኖታዊን ኮይኑ ቅሳነት ንኽስምዖ ክትሕግዙዎ ትኽእሉ?
- ክልቲኡ ኖርወጂያዊን ሃይማኖታዊን ምዃን ዝጻረር'ዶ ይመስለኩም?
- እቲ ቆልዓ ከም ጸቕጢ ክወስዶ ይኽእል ኢልኩም ትጽቢት ኣለኩምዶ? (ንሳ/ንሱ ሕግታትኩም ኣብ ገዛ ካብ ናይ ቤት ትምህርቲን ካብ እንዳ መሓዙቶምን ዝተፈልየ ምዃኑ ዘሰክፎም'ዶ ይመስል?)
- ኣብ'ቲ ናይቶም ቆልዑ ዝንባሌታት፡ ሓሳባትን ስምዒታትን ከምእትግደሱ ብኸመይ መልክዕ ተርእዩዎ?
- ንውላድኩም ሃናጺ ናይ ምውህሃድ ስምዒት ንኽህልዎ ክትሕግዙ እንታይ ክትገብሩ ትኽእሉ?

"ካበይ ኢኺ ኢሎም ይሓቱኒ። እቲ ናይ ብሓቂ ዝሓቱኒ ግን ሕብሪ ቆርበተይ ንምንታይ ካብ ናቶም ዝተፈልየ ከምዝኾነ እዩ። እቲ ናይ ብሓቂ ዝብሉዎ ኣብዚ ክቕመጥ ዘይብለይ፡ ኣብ ካልእ ቦታ ክትቕመጢ ዝግበኣኪ ኢኺ ትመስሊ ከም ዝብሉኒ እዩ ዘስምዕ።"

ጓል 12 ዓመት ቆልዓ

### ብዝዕባ ምስግዕ ፍሉይነት

ዝተሓናፈጸ ባህሊ ዘለዎም ቆልዑ ፍሉያት ኮይኖም ክስምዖም ይኽእል'ዩ። እዚ ድማ ብምኽንያት ካብ ካልእ ሃገራት ዘለዎም ተመኩሮታት ክኸውን ይኽእል። መበገሲ ናይዚ ድማ ከመይ ከምዝስመሉ ወይ ከመይ ከምዝዛረቡን ጠባዮምን ክኸውን ይኽእል። ደቂ ስደተኛታት ኤውሮጳዊ ገጽ (መልክዕ) ዘለዎም ወይ ኖርወጂያውያን ዓሌት ዘለዎም ወጻእተኛታት መልክዖም ብዙሕ ኣይፍለዩን እዮም። ግናኸ ኣብ ኣተሓሳስቦኦምን ኣካይድኦምን ወጻእተኛ ኮይኖም ክስምዖም ይኽእል።

ፍልይ ኢሎም ክረኣዩ ይኽእሉ ምኽንያቱ ካብ እቶም ካልኦት ቆልዑ ዝተፈለዩ ነገራት ስለዘገድሱዎም። መብዛሕትኡ ግዜ ካልእ ናይ ተሌቪዥን ምርኢታትን ዝተፈለዩ ዓይነት ሙዚቃን ኣካድናን ዝለመዱ እዮም። ገሊኦም ብዛዕባ ገለ ነገራት ከም ናይ ወለዶም ሕግታት፡ ናይ ገዝኦም ኣቀማምጣ (ኣሸላልማ)፡ ዝበልዑዎ መግቢ ወይ ኣብ ቤት ትምህርቲ ንሳቶም ስለዝጽልዩ፡ ዘጉሂ (ዝጎድእ) ርእይቶታት ወይ ጸርፍታት ክሰምዑ ይኽእሉ እዮም።

መንነቶም ኖርወጂያውያን ኮይኑ ዝሰምዖም እንተደኣ ኮይኑ "ወጻእተኛ"፡ "ስደተኛ" ተባሂሎም ክጽውዑ ዘሕንኽን ዘጸይፍን ክኸውን ይኽእል'ዩ (ብዙሓት ነዚ ዝተቓልዑ ቆልዑ ኣብ ኖርወይ ዝተወለዱ ወይ ብዙሕ ክፋል ናይ ህይወቶም ኣብዚ ዘሕለፉ እዮም)። እዚ ስምዒት'ዚ ናብ ናይ ወለዶም ዓዲ ንምብጻሕ እንተከይዶም እሞ ድማ ኣብኡ እውን ከም ወጻእተኛታት እንተተታሒዞም ክብእስ (ክገድድ) ይኽእል።



ብተወሳኺ፡ ገሊኦም ቆልዑ ናይ ዝኾነ ዓዲ ባህሊ ምሉእ ብምሉኡ ከይፈለጡ ገለ ክፋል ናይ ብዙሓት ሃገራት ባህልታት ክፈልጡ ይኽእሉ። እዚ ድማ ወይ ናብ ካልእ ቦታ ስለዝገዓዙ ወይ ኣብኡ ስለዘይነበሩ ክኸውን ይኽእል።

ገሊኦም ቆልዑ፡ እቶም ምሉእ ግዜኦም ኣብቲ ዓዲ ዝነበሩ (ዝተቐመጡ) ወይ እቶም ወለዶም ሓደ ዓይነት ባህሊ ዘለዎም ቆልዑ ዝፈልጡዎም ነገራት ስለዘይፈልጡ ከም "ደናቑር" ኮይኖም ይስምዖም። ዝተፈላለዩ ነገራት ተማሂሮም እዮም፡ ግናኸ እቲ ዝፈልጡዎ ከርእዩዎ ኣይክእሉን። ምኽንያቱ ዋላሓደ ብእኦም ዝግደስ ስለዘይመስሎም። ኣብዚ ኩነታት'ዚ "ኣይወሃሃዱን" እዮም።

ቆልዑ ንዝተፈላለየ ኩነታት ኣብ ምልምማድ ንፉዓት እዮም፡ ግን ነፍሲ ወከፍ ትሕዝቶ ገዛእ ርእስኻ ክትጥቀመሉ ዘይትኽእል እንተደኣ ኮይንካ ክስምዓካ ይኽእል እዩ።

ብዙሓት ቆልዑ ዝበዝሐ ሓይሎም ንነብሶምን ዝተፈለየ ዝገብሩዎም ነገራትን ኣብ ምክልኻል ይውድኡዎ። ገሊኦም ናብ ወለዶም ዝቐንዐ ዝተፈላለየ ጸርፍታትን ዘረባ ንዕቀትን ይመጾም። ኣከዳድና፡ ኣነባብራን ምርጫታትን ወይ ኣዘራርባ ወለዶም ከረድኡ ድማ ይግደዱ ይኾኑ። ገሊኦም ድማ ንወለዶም "ኣመና ኖርወጂያዊ" ኮይኖም ዝዋስኡ ዘለዉ ክስምዖም ከሎ ንነብሶም ክከላኸሉ ወይ ከረድኡ ይግደዱ።

### ብዛዕባ "ንሕና" ን "እቶም ካልኦት"ን ምኽኣን

መራኸቢ ብዙሃን ብዙሕ ስልጣንን ጽልዋን ኣለዎም። ዝተሓናፈጸ ባህሊ ዘለዎም ሰባት ንመራኸቢ ብዙሃን ብዙሕ ኣይረኣዩዎምን እዮም። ኣብ መራኸቢ ብዙሃን ዝቐርቡ መብዛሕትኡ ግዜ ብዛዕባ ኣርእስትታት ከም ስደት፡ ምውህሃድ፡ ሕጃብ ወይ ረጽሚ (ጎነጽ) ርእይቶ ንምሃብ እዩ። ኣመንቲ ምስልምና ካብ ግብረ ሽበራ ክርሕቁ ብቐጻሊ ጻውዒት ይግበረሎም (ዋላኳ ነቶም ካልእ እምነት ዘለዎም ሰባት ከምኡ ዓይነት ሕቶ እንተዘይቀረበሎም)። ኣብ ናይ ርእይቶ ዝጸሓፈሉ ወገን ናይ

ኢንተርነት፡ መብዛሕትኡ ግዜ ብዛዕባ ናይ ስደተኛ ድሕረ-ባይታ ዘለዎም ሰባት ኣሉታዊ መግለጺታትን ኣዘራርባታትን ይጸሓፍ።

ብኸምዚ እዩ ዘይምኽኑይ ኣረኣእያ፡ ድንቁርናን ፍርሕን ዝስፍሕፋሕ። ንመንእሰያት ድማ እቲ ማሕበረሰብ ዘይርድኣሎምን ዘይደልዮምን ኮይኑ ክስምዖም ይኽእል።

ዝተሓናፈጸ ባህሊ ዘለዎም ኮተቴ ጽቡቕ ክኸዱ/ክገብሩ ከለዉ መብዛሕትኡ ግዜ ከም ኖርወጅያውያን ይጽውዑ። ሽዑ ክፉል ናይቲ ኖርወጅያውያን "ንሕና" ይኾኑ። ንኣብነት ኣብዚ ጉዳይ፡ "ኖርወጅያዊ ታሪክ ሽቶ ኣመዝጊቡ"፡ "ኖርወጅያዊት ስተላ ኣብ ሆሊዉድ ፊልም" ዝብሉ ኣርእስትታት ይጥቀሙ። ጽቡቕ እንተዘይከይዶም/እንተዘይገይሮም ድማ ከም "እቶም ካልኦት" ተባሂሎም ይጽውዑ። ኣብዚ ኩነታት'ዚ "ናይ ባዕዳዊ ድሕረ-ባይታ ዘለዎም ኮተቴ (መንእሰያት)" ተባሂሎም ይጽውዑ።

ሕጽረት ዝርአ (ግሉጽ) ንኡስ ክፉል ኣብ ባህላዊ ጉዳያትን ኣብ ኣገዳሲ ዕማማት ማሕበረሰብ ገና (ሕጂ'ውን) ኣሎ። እቲ ኣብ ዓይነታት ትምህርቲ ከም ማሕበራዊ ስነፍልጠትን ታሪኽን ዘሎ ሰርዓተ-ትምህርቲ ገና ብኣረኣእያታት ምዕራባውያን ሃገራት ከም በዓል ኖርወይን ሰሜናዊ ኤውሮጳን ዝተዓብለለ እዩ። ስለ'ዚ መንእሰያት ከም ዝተደምሰሱን ዋጋ ከምዘየብሎምን ዝኾኑ ክስምዖም ይኽእል።

ኩሎም ቆልዑ ጽቡቕ ኣርኣያ ዝኾኑዎም ሰባት ክህልዉዎም ኣገዳሲ እዩ። እዚ ድማ ንዝተሓናፈጸ ባህሊ ድሕረ-ባይታ ዘለዎም ቆልዑ'ውን ይምልከት። ንያኦም ዝመስሉ ሰባት ጽቡቕ ከምዝኸዱን ዕላምኦም ንምጭባጥ ከምዝተዓወቱን ንኽርእዩን ንኽመሃሩን ይፍትኑ። በዚ መገዲ ብዝሐ-ባህላዊ ኣታዓባብያ ካብ'ቲ ዝሓስቡዎ ንላዕሊ ብብዝሒ ከምዘሎን ናይ ዓለም ታሪኽ ድማ ብብዙሕ መገዲ ክትርጎምን ክንገርን ከምዝኽእል ክረጋግጹ ይኽእሉ። ካብ ብዙሕ ባህልታት ድሕረ-ባይታ ምህላዎም ምስ ኖርወጂያውያን ምኧኖም ክወሃሃድ ከምዝኽእል ክርእዩ ይኽእሉ። ሽዑ ድማ ብዛዕባ ዝሓለፈ ህይወቶም፡ ኣብ ክንዲ ምስ ዘሸግርን ከቢድ ነገርን ዘተሓሕዞዎ፡ ብእኡ ሓበን ክስምዖም ይኽእል።

**ገለ ምኽርታት ንፍሉያት ኮይኑ ዝስምዖም ደቂ ዘለዉዎም ሰባት፦**

1. ነቲ ቆልዓ ብዛዕባ ወለዶኡ (ድሕረ-ባይታኡ) ሓበን ንኽስምዖ ሓግዙዎ። እቲ ቆልዓ ዝምድና ካብ ዘለዎ/ዋ ታሪኽ ስድራቤት፡ ዓድን ማሕበረሰብን ሓቅታት (ሓበሬታታት) ኣክቡ። (ንኣብነት፡ ታሪኽ፡ ፍልስፍና፡ ስነ-ጥበብ፡ ስነ-ጽሑፍ፡ ህንጻ፡ ወ.ዘ.ተ)።

2. እቲ ቆልዓ ናይ ኣብ ኖርወይን ኣብ ካልእ ቦታታትን ምውህሃድ ሓያል ጎድኒታት መታን ክርእይ እንታይ ክትገብሩ ከምትኽእሉ ሕሰቡ።

3. ነቲ መውዓሊ-ሕጻናትን ቤት ትምህርትን ብዝበለጸ ጥንቁቕ ንክኸውን ግበሩ፡ መታን እቶም መማህራን ኣብ መዓልታዊ ናይ ቤት ትምህርቲ ህይወቶም ወይ ዕዮ ገዛ ክሰርሑ ከለዉ ኣብ ናይ እቶም ቆልዑ ቋንቋ፡ ሓሳባትን ተሞክሮታትን ብዝበለጸ ግዜ ክሕልፉ።

**ገለ ነገራት ንምምይያጥን ኣብ ግምት ንምእታውን፦**

- ፍሉይነት ይስምዓኩምዶ? ብኸመይ?
- ነቲ ቆልዓ ብዛዕባ ንሳ/ንሱ ፍልይቲ/ፍሉይ ምኧና/ኑ እንተተሰሚዑዋ/ዎ ኣዛርቡዋ/ዎ። ተመሳሳሊ ተሞክሮታት ኣለምኩምዶ?
- ውላድኩም ምስ ኣብ መራኽቢ ብዙሃን ዘለዉ ጉዳያት ወይ ኣብ ቤትምህርቲ ዝመሃሩዎ ነገራት ይዛመድ'ዶ?
- ኣብ ፍሉይ ምኧን/ምስማዕ ረብሓ ክርከብ ይኽእል'ዶ?
- ብዛዕባ ድሕረ-ባይታኦም ካብ ብዙሕ ባህልታት ዝኾነ እሞ ነዚ ነገር'ዚ ከም ጸጋ ዝጥቀሙሉ ኣዕሩኽትኹም ወይ ካልኦት ኣባላት ማሕበረሰብ ተዛረቡ።


Who R You?

**ዓሌተኛነትን ኣድልዎን (ምፍልላይ)**

## “ይድህሉኒ፡ ኣስላማይ ኢሎም ይጽውዑኒ። ብሕማቕ ኣስማት ይጽውዑኒ፡ ኣሸባሪ ኢኻ ንኣዋልድ ድማ መንዲል (ሕጃብ) ከሽፈና ተገድደን ኢኻ ይብሉኒ። ኣስላማይ ኣይኮንኩን፡ ሂንዱ እየ። ብዘየገድስ፡ ንሰባት ብሃይማኖቶም ወይ ብዓሌታዊ ድሕረ-ባይታኦም ክትፈርዶም ጌጋ ይመስለኒ።”

ወዲ 13 ዓመት ቆልዓ

ዕድል ኮይኑ (ሕማቕ ኣጋጣሚ)፡ ብዙሓት ዝተሓናፈጸ ባህሊ ዘለዎም ቆልዑን መንእሰያትን ዓሌተኛነትን ኣድልዎን የጋጥሞም። ኣድልዎ (ዓመጽ) ማለት ንሰባት ብምኽንያት ዓሌት፡ ሃይማኖት፡ ጾታ ብፍሉይ ምሓዝ እዩ። ዓሌተኛነት ከቢድ ናይ ምድሃል ዓይነት እዩ። እቲ ምድሃል ብነገራት ከም በዓል ኣስማት፡ ቋንቋ፡ ኣካዳድና፡ ሕብሪ ቆርበት፡ ሃይማኖት ወይ ዓሌታዊ ድሕረ-ባይታ ዝተመስረተ ክኸውን ይኽእል። ኣብ ሞንጎ ብዙሃንን ውሁዳንን ወይ ድማ ኣብ ሞንጎ ዝተፈላለዩ ንኡሳን ጉጅለታት ክካየድ ይኽእል።

ዓሌተኛነት ብመልክዕ ጽልኢ ዝተመልአን መነኣኣሲ ብዝኾነን መደረ፡ ሕሱም (ጎነጻዊ) ተግባራት ወይ ከም ርእይቶን ምፍርራሕን ኣብ ኢንቴርነት ከጋጥም ይኽእል። ገሊኦም መንእሰያት ስርዓታዊ ብዝኾነ ኣገባብ ዓሌተኛነት ውገዳ (ተነጽሎ) የጋጥሞም። ኣብነታት ናይ'ዚ፡ ምኽልካል ናብ ለይታዊ መዘናግዒ ቦታታት፡ ወይ ናብ ናይ ስራሕ ቃለ-መሕትት ዘይምጽዋዕ፡ ወ.ዘ.ተ. የጠቓልሉ። ብዙሓት እውን ወለዶም ዓሌተኛነትን ኣድልዎን ዘጓንፎም ኣለዉ።

ንኸምዚ ዓይነት ምድሃልን ዘይቅኑዕ ኣተሓሕዛን (ኣተኣላልያን) ምቅላዕ ኣዝዩ ዘሸቑርር እዩ። ዓሌተኛነት ንነዊሕ እዋን ምፍታን ድማ ጎዳኢ ክኸውን ይኽእል። እዚ ድማ ናብ ሕማቕ ርእሰ-ተኣማንነት፡ ምግላል (ተነጽሎ)፡ ጓሂ፡ ሕርቃንን ቁጠዐን ይመርሕ።

**ገለ ምኽሪ ንብዓሌተኛነትን ኣድልዎን ዝሳቐዩ ቆልዑ ዘለዉዎም ሰባት፦**

1. ውላድኩም ጠባዩ ምስዝቕይር ተኸታተሉ፡ ከምኡውን ንውላድኩም እንታይ ከምዝተገንዘብኩም ኣዛርብዎ።

2. ናይ ሞባይላትን ኮምፒዩተራትን ኣጠቓቕምኦም ተኸታተሉ። ትሕዝቶ መልእኽትታቶም፡ ዕላላቶምን ዝካፈሉዎ ስእልታትን ተገደሱሉ። ግናኸ ናይቲ ቆልዓ መሰል ምስጢራውነት ኣኽብሩ።

3. እታ/ቲ ቆልዓ ወይ መንእሰይ ኣዕሩኽ እንተሃልዩዋ/ዎ ወይ ንሳ/ንሱ ናብ ዕለተ ልደትን ኣብ ካልእ ማሕበራዊ በዓላትን ዝዕደም/ትዕደም እንተኾይና/ኑ ተኸታተሉ። ውላድኩም ምስ መን ግዜ ከምዘሕልፍ ፍለጡ፡ ከመይ ከምዝዘራረቡን ብዛዕባ ነንሕድሕዶም ድማ እንታይ ከምዝበሃሃሉ ፍለጡ።

4. ነቲ መውዓሊ-ሕጻናትን ቤት ትምህርትን ብዛዕባ ምድሃልን ዓሌተኛነትን ኣድሂቦም ክከታተሉ ሕተቱ። እቲ ኣርእስቲ ኣብ ኣኼባ ወለዲን ኣብ ናይ መውዓሊ-ሕጻናት ጉጅለ/ክፍሊን ብተደጋጋሚ ንኽለዓል ሓሳብ ሃቡ (ኣብ መወዳእታ ናይ'ዚ ጥራዝ ገለ ጠቓሚ ቦታታትን ሰብ መዚን ንምርካብ ተመልከቱ)።

5. ኣብዱዎም (ኣተባብዑዎም)፡ እንታይ ከምዝብሉ’ውን ስምዑዎም። ዋላሓደ ጌጋ ከምዘየብሎም ኣረጋግጹሎም። ፍርሒ፡ ሕማቕ ተሞክሮን ድንቁርናን ከመይ ገይሮም ንሰባት ሕማቕ ክዛረቡን ክዋስኡን ከምዝገብሩዎም ግለጹሎም። ነቲ መውዓሊ-ሕጻናትን ቤትምህርትን’ውን ኣፍልጡ። ኣብ ካልእ ቦታታት ድማ ሓገዝ ኣናድዩ (ኣብ መወዳእታ ናይ’ዚ ጥራዝ ገለ ጠቓሚ ቦታታትን ሰብ መዚን ንምርካብ ተመልከቱ)።

**ገለ ነገራት ንምምይያጥን ኣብ ግምት ንምእታውን፦**

- ንውላድኩም ብዛዕባ ምድሃል፡ ዓሌተኛነትን ኣድልዎን ብቐጻሊ ኣዘራርብዎ።
- ከመይ ገይርኩም ንውላድኩም ብዛዕባ ሓሳባቱን ስምዒቱን ንኽዛረብ ክትሕግዙዎ ትኽእሉ?
- ንስኹም ዓሌተኛነት ተሞኪርኩምዶ? ከመይ ከምዝተሰምዓኩምን ከመይ ስምዒትኩም ከምዝገለጽኩምንከ ክትዝክሩዎ ትኽእሉ’ዶ?
- ውላድኩም ምድሃል እንድሕር ኣጋጢሙዎ ከህልወኩም ዝኽእል ኣወንታዊ አዋሃህባ መልሲን ምግላጽ ስምዒትኩምን ክተካፍሉና ትኽእሉዶ?
- ነዚ ደው ንኽተብልዎ ከመይ ገይርኩም ሓገዝ ክትረኽቡ ትኽእሉ?
- ውላድኩም ብዛዕባ ነብሱ ሕማቕ ሓሳባትን ስምዒታትን ንኸይህልዎ እንታይ ክትገብሩ ትኽእሉ?

**ንዓለም ብብዙሓት ወገናት (ኩርናዓት) ምርኣይ**

# “ኣብ ዓደይ ዝፍጸም ነገራት ልክዕ ከምዚ ኣብዚ ዝፍጸም ዘሎ ኮይኑ ይስምዓኒ። ሓደ ሓደ ግዜ ብዝበለጸ ንሱ የሻቕለኒ (የጨንቐኒ)።”

ጓል 16 ዓመት ቆልዓ

ምስ ብዙሕ ባህልታት ዝዓብዩ ወይ ኣብ ብዙሓት ዓድታት ዝዓበዩ ቆልዑ ዝተፈልየ መገድታት ኣተራርኣማን ኣረዳድኣን ዓለም ይሙከሩ። ነገራት ኣብ ካልእ ቦታታት ብዝተፈልየ መልክዕ ከምዝግበሩ ተመኩሮ ኣለዎም፡ ከምኡ’ውን ናይ እቶም ኣብ ኖርወይ ዝነብሩ ሰባት ኣነባብራ እቲ እንኮ ኣነባብራ ከምዘይኮነ ይፈልጡ። ብዝዕባ ናይ ካልኦት ሃገራት ፖለቲካ፡ ታሪኽ፡ ጂኦግራፊን ማሕበረሰብን ኣዝዮም ፈላጣት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።

መንእሰያት መብዛሕትኡ ግዜ ኣዝዮም ዝጠለቑን (ዝኣተዉን) መትከላውያንን (ብናቶም መትከላት እንዳተመርሑ ዝነብሩ) እዮም። ብዛዕባ ካልኦት ሰባት ዘለዉዎ ኩነታት ይግደሱ። መብዛሕትኡ ግዜ ነቶም ዝግደሱሎምን ዝቐርቡዎምን ሰባት ክሕግዙ ክብሉ ንዓለም ዝሓሸን ውሑስን ክገብሩ ይደልዩ። እዚ ድማ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ቦታታት ምስ እቲ ህዝቢ ስምዒታዊ፡ ባህላዊ ወይ ሃይማኖታዊ ምትእስሳር ክስምዖም እንከሎ እዩ። ንብዙሓት፡ ከም ምስ እቲ ዝተሓናፈጸ ባህላዊ ኣታዓባብያ ዝመጽእ ባህርያዊ ግቡኦም ኮይኑ ይስምዖም።

ዝተሓናፈጸ ባህሊ ዘለዎም ቆልዑን መንእሰያትን መብዛሕትኡ ግዜ ካብ እቶም ናይ ኖርወይ ዘርኢ ዘለዎም ዝበዝሑ ፍልይ ዝበሉ ምንጪታት ዜና፡ መርትዖታትን ዛንታታትን ናይ ምርካብ



ዕድል ኣብ ህይወቶም ኣጋጢሙዎም ነይሩ ክኸውን ይኽእል። ብዙሓት ምጭቋን (መግዛእቲ)፡ ውግእን ድኽነትን እንታይ ከምዝገብሩ ኣብ ነብሶም ተሞኩሮምዎም እዮም። ኣብ ካልእ ቦታታት ዓለም ዘጋጥም እውን ውልቃዊ ተመኩሮ እዩ።

ንዝተሓናፈጸ ባህላዊ ተሞክሮታት ዘለዎም ኮተቴ (ቆልዑ)፡ ኣብ'ቲ ኣዕሩኽን ዘፍቅሩዎም ሰባትን ዘለዉዎም ዓድታት ጽንኩር ነገራት ኪጋጥም እንከሎ ዘሳቕይን ዘጉህይን ክኸውን ይኽእል። ስለ'ዚ ድማ ናይ ኖርወይን ዓለም-ለኻዊ ትካላት ሓገዝን፡ ናይ ወጻኢ ጉዳይ ፖሊሲን ኣብ ካልእ ቦታታት ንህዝብን ዘመድን ከይሓገዙ ክተርፉ ከለዉ ብተሪ ኪቃወሙ ይኽእሉ እዮም።

እቶም መራኸቢ ብዙሃን ብዛዕባ ኣብ ገዛውቶም (ዓዶም) እንታይ የጋጥም ከምዘሎ ጸብጻብ ክቐርቡ ከለዉ ሕማቕ ስራሕ ዝገብሩ ዘለዉ፡ ወይ እቲ መራኸቢ ብዙሃን ናብ ሓደ ወገን እዝዩ ዘዛዘየ ኮይኑ እንተተሰሚዑዎም እውን ንመንእሰያት ዘሕርቕን ሞራል ዝትንክፍን ክኸውን ይኽእል'ዩ።

## ኢንተርነት ከም ፈታውን ጸላእን

ኢንተርነት ጽቡቕ ዓርኪ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ምስ ኣብ ካልእ ክፋላት ዓለም ዘለዉ ቤተሰብን ኣዕሩኽን ከምእትራኸቡ ክገብረኩም ይኽእል። ኢንተርነት ንመንእሰያት ካልእ ገጽ ናይ መንነቶም እውን ከጠንክረሎም ይኽእል፡ ከምኡውን ብዛዕባ ካልኦት ሃገራት ዘለዎም ፍልጠት ሓበሬታ ብምንዳይ ከማዕብለሎም ይኽእል።

ሕማቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ፡ ቆልዑን መንእሰያትን ኣብ ኢንተርነት ንፕሮፓጋንዳ፡ ንውዲት (ምምስጣር) ርእይቶታትን (ክልሰ-ሓሳባት) ስእልታትን ክቃልዑ እውን ይኽእሉ እዮም። እዚ ነቶም ፈለማ ሃብታም፡ ሓቛፊ ኣረኣእያ ዓለም ዝነበሮም ናብ "ዝጸበበ" ኣተሓሳስባን ዝወሓደ ተጻዋርነትን ከምርሕ ይኽእል። ነቶም ናይ ምውህሃድ ሃረርታኦምን ድልየቶምን ብዘይግቡእ ክጥቀሙሎም ዝደልዩ ባእታታት ብዝያዳ ተቐበልቲ (ርዓምቲ) ክኾኑ ይኽእሉ። እዚ ዘጋጥም እቶም መንእሰያትን እቶም ምስኦም ዝለለዩ ህዝቢን ብግቡእ ዝርድኦም ዝሰኣኑ፡ ብጌጋ ዝተረድኡ፡ ዝተፈልዩን ብጽቡቕ ዘይተተሓዙን ኮይኑ ዝስምዖም እንተደኣ ኮይኖም እዩ።

### ገለ ምኽርታት ብዛዕባ ናይ ቆልዑ ኣረኣእያ ዓለም፦

1. ኣብ ኣዕሩኽቶምን ትርፊ ግዜኦም ምስ መን ከምዘሕልፉን ግዳሰ ኣርእዩ። ብዛዕባ እንታይ ከምዝርእዩን ብኮምፒዩተርን ብሞባይልን ምስ መን ከምዝራኸቡን ንቑሓትን ጥንቁቓትን (መስተውዓልትን) ኩኑ።

2. ብዛዕባ ተሞክሮታቶም፡ ሓሳባቶምን ኣረዳድኣኦምን ብዛዕባ እንታይ እዩ ሓቂ እንታይከ ኣብ ዓለም ይካየድ ኣሎ ብቐጻሊ ሕተቱዎም። እንታይ ዝበሃል ከምዘለዎም ስምዑዎም። ክፉት ሕቶታት ሕተቱዎም (ንኣብነት፡ "እንታይ ይመስለኩም ብዛዕባ...")። ካልእ፡ ንእምነቶም ዝብድሁ ወይ ንነገራት ብኻልእ መልክዕ ንኽርእዩ ክገብሩዎም ዝኽእሉ ጭብጢታትን መርትዖታትን ሃቡዎም።

3. እቲ ቆልዓ ዝሓረቐ ወይ ዝተነጸለ ይመስልዶ? ብዛዕባ ካልኦት ሰባት ወይ ጉጅለታት ከም ዝገደዱ ወይ ዝተሓተ ክብሪ ከምዘለዎም ክመያየጥ እንተጀሚሩ፡ ኣብ ገሊኡ ኣርእስትታት ወይ ዝተደጋገሙ ልሙድ ኣሰራርሓታት ዘይንቡር (ሕሉፍ) እንተተሃኒኑ፡ ወይ ካብ ቅድም ፍልይ ዝበለ ነገር እንተገይሩ ብፍሉይ ተገደሱ።

**ገለ ነገራት ንምምይያጥን ኣብ ግምት ንምእታውን፦**

- ነቲ ብርቱዕ ስምዒቶም ንኽጥቀሙሉ ሃናጺ ዝኾነ መንገዲ ኣየናይ ይመስለኩም?
- ገሊኦም ቆልዑ ካብ ሸነኻት (ጉዳያት) መንነቶም፡ ናይ ኖርወይ ባህሊ ወይ ናይ ወለዶም ባህሊ ይርሕቁ። እቲ ምኽንያት እንታይ ክኸውን ይኽእል ኢልኩም ትሓስቡ?
- መንእሰይ ውላድኩም ብዛዕባ ሸፈነ ምዕራባዊ መራኸቢ ብዙሃን፡ ውግእ፡ ናይ ሕቡራት መንግስታት እስትራተጂን ናይ ሓገዝ ፖሊሲን እንታይ ይሓስብ? እንታይ ፍልይ ብዝበለ መልክዕ ክግበር ኣለዎ ኢሉ/ኢላ ይሓስብ/ትሓስብ?
- ውላድኩም ዘበርክት ዘሎ ኮይኑ መታን ክስምዖ፡ ከምዝሕግዝን ርእይቶታቱ ድማ ከምዝስምዑ መታን ኮይኑ ክስምዖ እንታይ ክትገብሩ ትኽእሉ?

**ሓያል ጎድንታትን ክእለታትን**

## "ኣነ ሓደ ዘይርኣ (ስዉር) ኣመና ልዕለ-ዓቕሚ ከምዘሎኒ ይኣምን (ይሓስብ) – ብዙሓት ቛንቛታት እዛረብ፡ ብዙሓት ባህልታት እፈልጥ፡ ንብዙሓት ዓይነት ሰባትን ኣረኣእያታትን ለሚደ፡ ክእለት ምልምማድ ኣሎኒ፡ ንሓደስቲ ሰባት ምልምማድ፡ ክእለት ምእላይን ምርኣይን ኣሎኒ።"

ጓል 14 ዓመት ቆልዓ)

ምስ ዝተሓናፈጸ ባህሊ ዘለዎ ኣተዓባብያ ዝተኣሳሰሩ ቡዙሓት ጸጋታት ኣለዉ። እዞም ክእለታት ኣብ ናይ ኖርወይ ማሕበረሰብ ኣድለይቲ እዮም። እዚ ፍልጠት'ዚ ነቶም ኣብ ዓለም ዘጋጥሙ ዘለዉ ብድሆታት ንምፍታሕ እውን የድልይ እዩ። ኣብ'ቲ ናይ ስራሕ ዕዳጋን ኣብ ምልከታታት ስራሕን፡ ፍሉይ ክእለታት (ባህሪታት) ከም በዓል "ለዛቢነት"፡ "ተዓጻጻፍነትን" "መፍትሒ-ዝጥምት" ተደለይቲ እዮም።

ዝተሓናፈጸ ባህሊ ዘለዎም መንእሰያት ኣብ ቛንቛን ባህልን እውን ክእለት ኣለዎም። ዝተፈላለዩ ሰባት፡ ትጽቢታትን ኩነታትን ክሕዞ (ክኣልዩ) እውን ይኽእሉ። መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ምዕዛብ (ትዕዝብቲ) ንፉዓት እዮም። ኣብ ምስትርጓምን ምትርጓምን ኣረዳድኣታት ንፉዓት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ምእላይ ግርጭታት'ውን ለሚዶም እዮም።

መብዛሕትኡ ግዜ እዚኦም ከመይ ጽቡቓትን ጠቓምትን ክእለታት ክኾኑ ከምዝኽእሉ ኣይግንዘቡን'ዮም። እዚ ክዓብዩ እንከለዉ ንኽግንዘቡዎ ክትግብሩዎም ዘለኩም ነገር እዩ። ንያኦም ልክዕ "ከም ጭዋዳ"፡ ከም ምዝዋር ብሽክለታ ወይ ከም ምጽዋት መሳርሒ ሙዚቃ ክለማመዱ ክፍቀደሎም ኣለዎ። እቲ ከበርክትዎ ዝኽእሉ ልክዕ ከም እቲ ናይቶም ምስ ሓደ ባህሊ ዝዓበዩ ዋጋ ከምዘለዎ ንኽሰምዑ ክፍቀደሎም ኣለዎ። ኣብዚ፡ ንሕና እቶም ምስቶም ቆልዑ ንራኸብ ወለድን ካልኣት ዓበይቲን ኣገዳሲ ዕማም ኣሎና።

**ገለ ኣብነታት ናይ ዝተሓናፈጸ ባህላዊ ክእለታትን ብልሓትን፦**

- ምልከት ቋንቋ
- ተሞክሮ ምስ ዝተፈላለዩ ባህልታት
- ንፍልልያት ኣብ ምርድዳእ ዝምልከት ፍልጠት
- ኣዝዩ ለዛቢ
- ኣብ ግዜ ግርጭታት ዝጽመም
- ምስ ሰብ ብቐሊሉ ምፍላጥ
- ፍታሕ ምርኣይን ግርጭት (ባእሲ) ምፍታሕን
- ኣብ ምዕዛብ ንፉዕ
- ንነገራት ብብዙሓት ኣረኣእያታት (መኣዝን) ምርኣይ
- ካልኦት ዝተፈለዩ ኣረኣእያታት ከምዘለዎም ምርዳእ
- ኣህጉራዊ መርበብ ርክባት

**ገለ ንምብርታዕ ንቕሓት ሓያል ጎድኖምን ክእለታቶምን ዝኸውን ምኽርታት፦**

1. እቶም ብድሆታትን ብልጫታትን ናይ ምስ ዝተፈለላለዩ ባህልታት ምዕባይ ነቶም ቆልዑ ባህርያዊ (ንቡር) ከምዝኸውን ጌርኩም ከምዘካፍሉዎም/ከምዘርእዩዎም ግበሩ።

2. ነቶም ቆልዑ ነቶም ብድሆታት ናብ ረብሓታቶም ከም ዝቕይሩዎም ግበሩ። ምናልባት ኣብ ሓደ ዓይነት ኩነታት ዘለዉ ሓደሽቲ ስለዝኾኑ ኣብቲ ቤት ትምህርቲን ብሓድሽ መልክዕ ድማ ይመሃሩ ስለዘለዉ ብዛዕባ ተመኩሮታቶምን ንካልኦት ብኸመይ ክሕግዙ ከምዝኽእሉን ሓሲቦምሉ ዘይፈልጡ ይኾኑ። እዚ ተመኩሮ'ዚ ኣብ ናይ ስራሕ ዕዳጋ ወይ ሓድሽ ደረጃ ናይ ህይወቶም ክሕዙ ከለዉ ጠቓሚ ክኸውን ይኽእል። ብዙሓት ቋንቋታት ምርዳእ ወይ ገለ ቃላት ናይ ብዙሕ ቋንቋታት ምፍላጥ ሓያል ጎድኒ ከምዝኾነ ከይፈልጡ ይኽእሉ።

3. ነቲ መውዓሊ-ሕጻናት ወይ ቤት ትምህርቲ ኣብ ምብርታዕን ምጥቃምን ናይዚ ክእለታት ኣብ ናይቲ ቆልዓ መዓልታዊ ህይወቱ ኣሳትፉዎ (ኣተግብሩዎ)። ምናልባት ብዛዕባ ነገራት ከም ባህልታት፡ ልምዲታት፡ ጽውጽዋያት፡ ዓይነት ኩነታት ኣየር ወይ መግቢ ክዛረቡ ወይ ክጽሕፉ ይኽእሉ።

**ገለ ነገራት ንምምይያጥን ኣብ ግምት ንምእታውን፦**

- ገለ ሃናጺ ነገር ዝተመሃርኩሞ ብምግዓዝኩምን ዝያዳ ባህሊታት ብምፍላጥኩምን እንታይ ይመስለኩም?
- ነቲ ቆልዓ መታን ገለ በዳሂ ነግር ጽቡቕ እውን ክኸውን ከምዝኽእል ክርኢ ከመይ ገይርኩም ክትሕግዙዎ ትኽእሉ?
- ኣብ ውላድኩም እንታይ ረብሓታት ትርእዩ?
- ከመይ ገይርኩም ንውላድኩም ናቱ ሓያል ጠባይ ከምዝርእዮን ከምዝጥቀምሉን ክትገብሩ ትኽእሉ?

> "ዝተሓናፈጸ ባህሊ ዘለዎም ቆልዑ ኩሉ እቲ ቅኑዕ መልሲታት ኣለዎም፡ እቲ ቅኑዕ ሕቶ ዝሓትት ግን ዋላሓደ የለን።"
>
> *David C. Pollock*

## ኣብዚ ዝስዕብ ቦታታትን ቤት ጽሕፈታትን
## ሓገዝን ኣድላዪ ምኽርን ክትረኽቡ ትኽእሉ!

**ናይ ህጹጽ ሓገዝ መስመር ንቆልዑ፡ መንእሰያትን ወለድን፦** 116 111። ኣብ ከቢድ ኩነታት ዘለዉ ቆልዑን መንእሰያትን ናብቲ ናይ ሓገዝ መስመር ክድውሉ ይኽእሉ። ንዓበይቲ ወይ ንቆልዑ ዝተሻቐሉ እውን ክድውሉ ይኽእሉ።

**እቲ ናይ ጨንፈር መውዓሊ-ሕጻናት ኣካያዲ ስራሕ፡ ወይ እቲ ናይ ቤት ትምህርቲ ክፍሊ (ቀንዲ) መምህር፦** ገለ ነገር ብዛዕባ ውላድኩም ወይ ብዛዕባ ኣብዚ ጥራዝ ዝተላዕሉ ኣርእስትታት ክትመያየጡ እንተደሊኹም ወይ ምትሕብባር እንተኣድልዩኩም ምስ እቲ መውዓሊ-ሕጻናት ወይ ቤት ትምህርቲ ክትራኸቡ ትኽእሉ ኢኹም።

**ናይ ቆልዑ ረዲኤት ኣገልግሎት፦** ነገራት ኣብ ገዛ ክኸብዱ ከለዉ ንቆልዑ፡ መንእሰያትን ስድራ ቤታትን ሓገዝን ደገፍን ይህቡ። ዝርዝር ሓበሬታ ኣብ ናይ'ቲ ምምሕዳር ወብ ሳይት (ድሕረ-ገጽ ኢንተርነት) ይርከብ።

**ናይ ስድራ ቤት ኣማኻሪ ኣገልግሎት፦** ንኹሉ ከቢድ ኩነታት፡ ግርጭታት ወይ ሓደገኛ ህሞት ኣብ ስድራ ቤት ዘሕልፉ ዘለዉ ሕክምናን ምኽርን ይህብ። እቲ ናይ ስድራ ቤት ኣማኻሪ ኣገልግሎት ውልቀ ሰባት፡ ጽምዲን፡ ስድራቤታትን ይቕበል። ሓበሬታ ኣብ bufdir.no. ክርከብ ይክኣል።

**ናይ ህዝባዊ ኣገልግሎት ጥዕና ኣላዪ ሕሙማት፦** ኣብ ናይ ጥዕና መደበራት ንሕጻናትን ንንኣሽቱ ቆልዑን ከምኡውን ኣብ ናይ ጥዕና መደበራት ንመንእሰያት ይርከብ። ምስ ቤት ትምህርቲታት እውን ይተኣሳሰሩ እዮም፡ ንዓኹምን ንውላድኩምን ናይ ቆልዑ ሕቶታት ብዝምልከት ክሕግዙኹም ይኽእሉ። ናይ'ቲ ምምሕዳር ወብ ሳይት (ድሕረ-ገጽ ኢንተርነት) ተመልከቱ።

**ናይ ንኡስ ብሄር ኣማኻሪ፦** እዚ ኣብ ገለ ላዕለዋይ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲታት ክርከብ ይኽእል። ኣብ ዝተሓናፈጸ ባህላዊ ናይ ምርድዳእን ንኡስ ብሄረሰብ ጉዳያት ክእለት ኣለዎም። ኣብ ቤት ትምህርትኹም ሕተቱ።

**ናይ ስነ-ምምሃር-ስነ ኣእምሮኣዊ ኣገልግሎት፦** ንዝተፈለየ ድሌታት ዘለዎም ወይ ናይ ምዕባለ ጸገም ዘለዎም ቆልዑን መንእሰያትን ዝወሃብ ናይ ምምኻር ኣገልግሎት። udir.no ተመልከቱ።

**ፖሊስ፦** ኣብ ግዜ ህጹጽ ኩነታት 112 ደውሉ።

**ኣማኻሪ፦** ናይ ማሕበራዊ-ስነ-ምምሃር ኣማኻሪ ኣብ ቤት ትምህርቲ ክርከብ ይኽእል። ናቶም ግደ እቶም መንእሰያት መታን ኣብ ቤት ትምህርቲ ጽቡቕ ክስምዖም ንምሕጋዝ እዩ – ኣብ ትምህርትን ማሕበራዊ ህይወትን። ሓበሬታ ኣብ ናይ እቲ ቤት ትምህርቲ ወብ ሳይት (ድሕረ-ገጽ ኢንተርነት) ይርከብ።

**Voksne for Barn፦** ንቆልዑ ወይ ንመንእሰያት ዝተሻቐሉ ዓበይቲ መምርሒን ምኽርን ዝህቡ ክኢላታት ኣለዉዎም። ብስቱር ክትገብሩዎ ትኽእሉ ኢኹም፡ ንሕና ድማ ናይ ምስጢራውነት ሓላፍነት ኣሎና። ብስልኪ፡ ኣብ ኢንተርነትን፡ ብቻት መልሲ ንህብ። ብዛዕባ ነቶም ኣብ ምድሃልን ናይ ቆልዑ ጥዕና ኣእምሮ ምክልኻል ዘትኩሩ ክፍልታትናን ኣገልግሎታትናን እውን ኣብ ቁጽሪ ስልኪ 810 03 940. ክትረኽቡና ትኽእሉ።

**SaLTo ኣወሃሃዲ/SLT ኣወሃሃድቲ፦** ናይ ቆልዓን መንእሰይን ገበን ከምኡውን ሓሽሽ ምጥቃም ኣብ ቆልዑን መንእሰያትን ንምቕናስ ይሰርሑ። ሓበሬታ ኣብ እቲ ናይ'ቲ ምምሕዳር ወብ ሳይት (ድሕረ-ገጽ ኢንተርነት) ይርከብ።

**Utekontakten፦** ዕድሜኦም 10-23 መንእሰያት ዘጠቓልል ኮይኑ ኣብ ምክልኻል ጸገማት ጻዕሪታት ይገብር። ብቆልዑ ወይ ብመንእሰያት እንተደኣ ተሻቒልኩም ክትራኸቡዎም ትኽእሉ። ሓበሬታ ኣብ እቲ ናይ'ቲ ምምሕዳር ወብ ሳይት (ድሕረ-ገጽ ኢንተርነት) ይርከብ።

## ኣብ ንኡስ ብሄራት፡ ዓሌተኛነትን ኣድልዎን ዘተኩሩ ገለ ውድባት፡-

**ኖርወጂያዊ ማእከል ኣንጻር ዓሌተኛነት፦** ዓሌተኛነት ንኽዓግት (ንኽስዕር) ዝቃለስ ውድብ። antirasistisk–senter.no ተመልከቱ።

**ትካል ኣንጻር ህዝባዊ ኣድልዎ (OMOD)፦** ናይ መሰልን ብቕዓትን ማእከል ማዕርነት ከማዕብል ዝጽዕር ከምኡውን ብመሰረት ዓሌት ዝግበር ኣድልዎ ከከላኸል ይጽዕር። omod.no ተመልከቱ።

**Minotenk፦** ስርሑ ብቐዳምነት ኣብ ምግላጽ ጉዳያትን ምስ ብዝሐ-ባህላዊ ኖርወይ ዝዛመዱ ብድሆታትን ይሰርሕ። minotenk.no ተመልከቱ።

## ገለ ውድባት ኣብ ምድሃል፡ ሕማቕ ተሞኩሮ፡ ነብሰ-ቅትለት ምክልኻልን ጥዕና ስደተኛን ዘተኩሩ፡-

**ኖርወጂያዊ ማእከል ናይ ንኡስ-ብሄር ምርምር ጥዕና (NAKMI)፦** ብዛዕባ ጥዕናን ምእላይ ስደተኛታትን ዘርኦምን ኣብ ኖርወይ ፍልጠት ንምክዕባት ብምርምርን ትምህርትን ንምትብባዕ ይሰርሕ። nakmi.no ተመልከቱ።

**ዞባውያን ማእከላት ምክልኻል ጎነጽ፡ ጭንቀትን ነብሰ-ቅትለትን (RVTS)፦** ናይ’ዚ ማእከል ዕላማ ነቶም ናይ ሕማቕ ተሞክሮ ሕማማትን ነብሰ-ቅትለትን ንምክልኻል ዝሰርሑን ንምትብባዕን ተዛማዲ ፍልጠት ምስናቕን እዩ። የማኽሩ፡ መምርሒ ይህቡን ክኢላታት ይመርሑን። rvts.no ተመልከቱ።

**ዞባዊ ማእከል ኣእምሮኣዊ ጥዕና ቆልዑን መንእሰያትን፦** ማእከላት ፍልጠት ምክልኻል ጸገም ጥዕና ኣእምሮ ኣብ ቆልዑን መንእሰያትን። ምርምር፡ ምዕባለ፡ ኣገልግሎት፡ ደገፍ፡ ትምህርትን ጸዕርታት ንቕሓትን የካይድ። r-bup.no, uni.no, uit.no ን ntnu.no/rkbu ተመልከቱ።

**ቆልዑ ኣድሕን፦** ንመሰላት ቆልዑ ኣብ መላእ ዓለም ይቃለስ። ከምኡውን ብዛዕባ ዝተነጸሉ ዝስምዖም መንእሰያትን ኣብ ናይ ኢንተርነት ምድሃልን ኣተኩሩ ኣስተምህሮታትን ኣገልግሎታትን ይህብ። reddbarna.no ተመልከቱ።

**ቀይሕ መስቀል፦** ኣብ ኖርወይን ኣብ ካልኦት ሃገራትን ሓገዝ ዘድልዮም ሰባት ይሕግዝ። ቀይሕ መስቀል ንዝተሓናፈጸ ባህሊ ዘለዎም መንእሰያት ብዙሕ ንጥፈታት የወሃህድ፡ ከም ሓገዝ ዕዮ ገዛን ንእሽተይ ቤት ሻሂን። rodekors.no ተመልከቱ።

**Unicef፦** መደብ “ንስኻ ክትከውን ትኽእል ኢኻ” ብዛዕባ ጸዕርታት ኣንጻር ምድሃል ንተመሃሮ፡ ሰራሕተኛታትን ወለድን ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝተፈላለዩ ኣስተምህሮታት ይህብ። unicef.no ተመልከቱ።

## ኣብ ኢንተርነት ብዛዕባ ስድራቤት ምምኻርን ምክልኻል ማሕበራዊ ምንጻልን፡-

- Foreldrehverdag.no
- Utveier.no
- Radikalisering.no


OSL

“ዝተሓናፈጸ ባህሊ ዘለዎም ቆልዑ ኩሉ እቲ ቅኑዕ መልሲታት ኣለዎም፡ እቲ ቅኑዕ ሕቶ ዝሓትት ግን ዋላሓደ የለን።”

*David C. Pollock*

VOKSNE FOR BARN
Stortorvet 10 ❯ 0155 Oslo ❯ ስልኪ፦ 48 89 62 15 ❯ vfb@vfb.no ❯ vfb.no